## 6. ህይወትካ/ኪ ኣብ ሓደጋ ስለዝወደቐ ካብታ ዝተወለድካላ ሃገር እንተ ሃዲምካ እንተመጺእካ/ኪ እንታይ ክትገብር/ሪ ትኽእል/ሊ?

- ብሰንኪ ኲናት ወይ ዕጥቃዊ ጎንጺ፣ ወይ ብዓሌታዊ ምኽንያት፣ ሃይማኖትካ/ኪ፣ ዜግነትካ/ኪ፣ ወይ ኣብ ሓደ ፍሉይ ማሕበራዊ ወይ ብሄራዊ ጉጅለ ምኻንካ/ኪ፣ ብፖለቲካዊ ኣረኣእያኻ/ኺ፣ ብጾታዊ ኣንፈትካ/ኪ፣ ካብ ሃገርካ/ኪ ወጺእካ/ኪ እንተኾንካ/ኪ ህይወትካ/ኪ ኣብ ሓደጋ ከም ዘሎ ወይ ናብ ሃገርካ/ኪ እንተ ተመሊስካ/ኪ ከቢድ ጉድኣት ከም እትቃላዕ ርትዓውን ጽቡቕ መሰረት ዘለዎን ፍርሒ እንተሃልዩካ/ኪ፣ ኣህጉራዊ ሓለዋ (ዑቅባ) ክትሓትት መሰል ኣሎካ/ኪ
- ታሪኽካ/ኪ ንምንጋርን ካብ ሃገርካ/ኪ ዝወጻእካሉ ምኽንያታት ንምግላጽን ብቋንቋኻ/ኺ ሓገዝ ክትሓትት መሰል ኣሎካ/ኪ፣ ኣብ ኢጣልያ ምስ ኣተኻ/ኺ ወይ ናብ መቐበሊ ኣጋይሽ (ካምፒ) ምስተሰጋገርካ/ኪ ናብ መንግስታዊ ሰበሰልጣን ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ (ዑቅባ) መመልከቲ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ/ኺ፣ ድሕሪኡ እቶም ሰብመዚ ንውልቃዊ ኩነታትካ/ኪ ክሰምዑን ኣህጉራዊ ሓለዋ (ዑቅባ) ከምዘድልየካ/ኪ ክግምግሙን እዮም
- ምስ ስድራኻ (ኣዴኻ፣ ኣቦኻ፣ ሓውኻን/ወይ ሓፍትኻን) ናብ ጣልያን እንተ ኣቲኻ/ኺ፣ ንስኻ/ኺ'ውን ክትሰደድ/ዲ ብዝኽእለሉ ምኽንያት ሓደ ኣባል ስድራኻ/ኺ ስለዝተሰደደ እንተሃዲምካ/ኪ፣ መሰልካ/ኪ እዩ ኣህጉራዊ ሓለዋ (ዑቅባ)ንምርካብን ንምሕታትን

## 7. ኣባል ስድራቤትካ/ኪ ኣብ ጥልያን ወይ ኤውሮፓ ዝነብሩ እንተዀይኖም ንሶም እንታይ ክገብሩ ይኽእሉ?

- ሓደ ካብ ኣዝማድካ/ኪ፣ ሓደ ወይ ክልቲኦም ወለድኻ/ኺ፣ ሓውኻ/ኺ ወይ ሓፍትኻ/ኺ፣ ኣኮኻ/ኺ ኣሞኻ/ኺ፣ ኣብ ኢጣልያ ወይ ኤውሮፓ ዝነብሩ እንተኾይኖም፣ ምስኦም ክትነብር መሰል ኣሎካ/ኪ፣ እንተደሊኻን ኣብ ዝበለጸ ኩነታትካ እንተኾይኑን፣ ብዘይ ምኽፋልን ኣብ ሓደጋ ከእትዉኻ ዝኽእሉ ሰባት ከይተጸጋዕካን ብሰላም ምስኦም ክትራኸብ ዝሕግዝ ሕጋዊ ኣገባብ ኣሎ
- ብዛዕባ ኣገባብ ምጥርናፍ ስድራቤት ተገዳስነት እንተሃልዩካ/ኪ፣ ንመቐበሊ ኣጋይሽ (ካምፒ) ወይ ንሓላዊኻ/ኺ ሓላፍነትካ/ኪ ዝወሰድ ሰብ (ቱቶረ) ኣፍልጥዎ፣ ከመይ ከም ዝሰርሕ ክገልጹልካ/ኪ ከብርሁልካ/ኪ ይኽእሉ እዮም
- ኣገባብ ምጥርናፍ ስድራቤት፣ መንግስታዊ ሰበሰልጣን ድሌታትካ/ኪ ክሰምዑ፣ ዝምድና ስድራቤት ከረጋግጹ፣ ኣዝማድካ/ኪ ብሰላም ክከናኽኑኻ/ኺ ይኽእሉ ድዮም ኣይክእሉን፣ ገዛን ሰነድን ስራሕን እንተሃልይዎም ንምፍላጥ ዘድሊ ግዜ ይሓትት
- ኣብ ካልእ ኤውሮፓዊ ሃገር ዝርከብ ኣባል ስድራቤትካ/ኪ ዋላ ኣብ ኢጣልያ ሰነዳትካ/ኪ መሊእካ/ኪ ወይ ድሮ ኣብ ኢጣልያ ኣህጉራዊ ሓለዋ (ዑቅባ) ሓቲትካ/ኪ ክትበጽሖ ትኽእል ኢኻ/ኺ
- ኣብ ኢጣልያ ወይ ኤውሮፓ ኣባል ስድራቤት እንተሃልዩካ/ኪ ምስኦም ከይትነብር እውን ክትውስን ትኽእል ኢኻ/ኺ ግን ከኣ ምስኦም ርክብ እናገበርካ/ኪ መሰርሕ ምቕባል ክትከታተል ክትውስን ትኽእል ኢኻ/ኺ

## ትሕቲ ዕድመ ቆልዓን መሰላቱን



- ላዕለዋይ ተገዳስነት ናይ ትሕቲ ዕድመ
- ህይወትን ጥዕናን
- ተሳትፎ: ምስማዕ ከምኡ'ውን ሓበሬታ
- ኣሃዱ ስድራቤት
- ቤት ትምህርቲ
- ስራሕ ምምሀር
- ጸወታ
- መንበሪ ፍቓድ
- ማእኸል መቐበሊ ጋሻ



**ብቋንቋኻ/ኺ ሓበሬታ እንተድኣ ደሊኻ/ኺ ወይከኣ ሓገዝ እንተድኣ ደሊኻ/ኺ ናብ ናይ ሴቭ ዘ ቺልድረን (Save the Children) መሰመር ሓገዝ ነጻ ተሌፎን ሀልፕላኢን (Helpline) ክትድውል/ሊ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ**

- መሰመር ሓገዝ ነጻ ተሌፎን ሀልፕላኢን (Helpline) ጸገም እንተ ኣጋጢሙካ/ኪ ደገፍ ወይ ሓበሬታ ምስ ዘድልየካ/ኪ ክትድውለሉ እትኽእል ነጻሉ ቁጽሪ እዩ፣ ብቋንቋኻ/ኺ ክትዛረብ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ/ኺ።
- ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 10.00 ክሳብ 17.00 ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም

**+39 800 14 10 16**

TIG

Save the Children

# መሰላትካ ፍለጥ

Save the Children






## 11. መዝገበ ቃላት

- **መቐበሊ ኣጋይሽ (ካምፒ)** ማለት ነቲ እትነብረሉ ቦታ ዝወሃብ ሽም እዩ፣ ግዝያዊ ወይ ቀዋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ማለት እቲ እትነብረሉን ትምህርቲ ክትጅምረሉ እትኽእለሉን ገዛ፣ ምስ ኣዕሩኽ ክትላለየሉ፣ እቲ ስርዓት መከላኸሊ ከመይ ከም ዝሰርሕ ክትመሃረሉ እትኽእል/ሊ
- ኣብ መቐበሊ ኣጋይሽ **(ካምፒ) ኦፕሬተራት/መምሃራን** ይሰርሑ እዋ እቶም ኣወዳት/ኣዋልድ ንማሕበረሰባዊ ህይወትን ናይ ነፍሲ ወከፎም ውልቃዊ ጉዕዞን ንምውዳብ፣ ንምምሕዳርን ንምቁጽጻርን ይሕግዙ
- **ባህላዊ መንጎኛ (ተርጓማይ) ማለት ቋንቋኻን ባህልኻን ዝፈልጥ** ናቶም ባህልን ቋንቋን ዝፈልጥ ሰብ እዩ፣ነብስኻ ብዝበለጸ ከተቕንዕ፣ እንታይ ይኸውን ከምዘሎ ክትርዳእን ዘድልየካ ክነግረካን ክሕግዘካ ዝኽእል ሰብ እዩ
- **ሓላፍነትኩም ዝወሰድ ሰብ (ቱቶረ)** ኣብ ኢጣልያ ብዘይ ወለድኻ/ኺ፣ ወይ መወከሲ ዓቢ ሰብ እንተዘየ ሃሊካ/ኪ ቤት ፍርዲ ትሕቲ ዕድመ ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፉ ሓላዊኻ/ኺን ሓላፍነትካ/ኪ ዝወሰድን ዓቢ ሰብ ክገብረልካ/ኪ እዩ፣ ንህሉውን መጻእን ዝበለጸ ምርጫታት ኣብ ምግባር ዝድግፈካን ብሕጋዊ መንገዲ ዝውክለካን እዩ
- **ሰብ ሞያ ሰነ-ልቦና** ብልብኻን ኣካላትካን ዝሰምዓካ/ኪ ንምርዳእን ብርእስኻ/ኺ ንምሕሳብን ቃላት ክትረክብ ክሕግዘካ/ኪ ዝኽእል በዓል ሞያ እዩ
- **ቤት ትምህርቲ** ማለት ቋንቋ ጥልያን ንምምሃርን ሓፈሻዊ ዓይነታት ትምህርቲ ምጽናዕ ዝጅምሩሉን፣ ቐጺሉ ድማ ትምህርቶም ወይከኣ ናይ ስራሕ ስልጠና ምቕጻል ከም ዝደልዩ ዝውስኑሉ ቦታ እዩ። እዚ ቦታ'ዚ መሓዙት ዝላለዩሉን መሰርሓት ማሕበረሰብ ጥልያን ዝመሃሩሉን ቦታ እዩ
- **ሓይልታት ኣኽበርቲ ሕግን ስርዓትን** ፖሊስን ካራቢኒየሪን ድሕነት ሕብረተሰብ ናይ ምቁጽጻርን ምውሓስን ዕማም ኣለዎም፣ ሲቪካዊ ሕግታት ምኽባርን ኣብቲ ግዝኣት ንዘሎካ ስሩዕነት ይከናኸኑ፣ መንበሪ ፍቓድካ ናይ ምሃብ ወይ ምሕዳስ
- **ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት** ብማሕበራዊ ስራሕተኛታት ዝቖመ ህዝባዊ ቤት ጽሕፈት እዩ፣ ሓላዊኻን፣ ብሓባር ኣብ ኢጣልያ ንጉዕዞኻ/ኺ ናይ ምምራሕ ሓላፍነት ዘለዎ
- **ቤት ፍርዲ መንእሰይ** ኩሉ ዝምልከተካ/ኪ ምርጫን ውሳነን ኩሉ ግዜ ንረብሓኻ/ኺ ከም ዝውሰን ዝከታተልን ምርግጋጽን ዝከናኸን ህዝባዊ በዓል መዚ

# መሰላትካ ፍለጥ

Save the Children

## 1. ትሕቲ 18 ዓመት እንተኾንካ/ኪ ትሕቲ ዕድመ ኢኻ/ኺ

- ኣብ ዓዲ ጥልያን ክትነብርን ዑቕባ ክትረክብን መሰል ኣካ/ኪ
- ብዘይ ድሌትካ/ኪ ናብ ሃገርካ/ኪ ከይትሰጎግ/ጊ ወይ ናብ ሃገርካ/ኪ ከይትምለስ/ሲ መሰል ኣለካ/ኪ
- ኣብ ኩሉ ዝምልከተካ/ኪ ውሳነ ሓሳብካ/ኪ ክትገልጽ/ ጺ፣ክትሰማዕን/ ክትሰምዕን ክትሳተፍን መሰል ኣለካ/ኪ
- ብትሕቲ ዕድመ ወይ ስድራቤታዊ ምኽንያት መንበሪ ዶኩመንቲ (ፐርመሶ ዲ ሶጂኦርኖ) ክትረክብ መሰል ኣለካ/ኪ፣እቲ መንበሪ ዶኩመንቲ  ከም ትሕቲ ዕድመ መሰላትካ/ኪ ክትጥቀመሉ ዘኽእል ከምኡ'ውን ኣብቲ ዓዲ ስሩዕ ህይወት ክትነብር ዘኽእል ኢዩ
- ብዘይ ወለዲ ወይ ኣባላት ስድራቤት ትጓዓዙ እንተኾይንኩም፣ሓላዊኻ/ኺ ሓላፍነትካ/ኪ ዝወሰድ ሰብ (ቱቶረ) ክሸየመልኩም/ክግበረልኩም ኢዩ፣ ንሱ ድማ ኣብቲ መናባብሮ ህየዎትኩም ኣብ ዓዲ ጥልያን ከምኡ'ውን ኣብቲ ናይ ሕጂን መጻእን ምርጫታትኩም ይሕግዘኩም
- ኣብ ውሑስ ቦታ ክትነብርን ናብ ካልኦት ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ዝነብሩሉ መቐበሊ ኣጋይሽ ክትሰጋገርን መሰል ኣለካ/ኪ፣ ኣብኡ ክትድቅስ/ሲ፣ ከተዕርፍ/ፊ፣ ክትበልዕ/ዒ፣ እንተሓሚምካ/ኪ ክትሕከም/ሚ፣ መንበሪ ዶኩመንቲ (ፐርመሶ ዲ ሶጂኦርኖ) ክትቕበል/ሊ፣ ናብ ቤት ትምህርቲ ክትከይድን ብኸመይ ክትርድኦ ትኽእል/ሊ ከምኡ'ውን ትምህርትኻ/ኺ ንምቕጻልን/ወይ ድማ ናብ ዓለም ስራሕ ኣብ ኢጣልያ ንምእታው ሓገዝ ትረክብ/ቢ
- ልዕሊ 16 ዓመት እንተኾንካ/ኪ፣ ናብቲ ዓበይቲ እውን ዝነብሩሉ መቐበሊ ኣጋይሽ ክትሰጋገር/ሪ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ፣ ከም ትሕቲ ዕድመ ሰብ ግን መሰላትካ/ኪ ክኽበር ኣለዎ
- ምስ ቤተሰብ/ዘመድ ትጓዓዝ እንተኾንካ፣ ናብ ንስድራቤታት ዝኸውን መቐበሊ ኣጋይሽ ክትሰጋገር ትኽእል ኢኻ/ኺ፣ ከምኡ'ውን ምስ ዕድመኻን ድሌታትካን ዝሰማማዕ መሰርሕ ኣቀባብላን ምትእትታውን ክትጅምር መሰል ኣለካ/ኪ
- ምስ ስድራቤትካ/ኪ ክትነብር/ሪ ወይ ምስኦም ርክብ ክትገብር/ሪ መሰል ኣለካ/ኪ፣ ሓደ ወይ ክልቲኦም ወለድኻ/ኺ፣ ሓውኻ/ኺ ወይ ሓፍትኻ/ኺ፣ ወይ ካልኦት ኣባላት ስድራቤትካ/ኪ ኣብ ኢጣልያ ወይ ኤውሮጳ ዝነብሩ እንተኾይኖም፣ ነቶም ኣብ መቐበሊ ኣጋይሽ (ካምፒ) ንዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ኣፍልጦ፣ ምኽንያቱ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፣ ከምኡ'ውን ርክብ ምስኦም ክትጅምሩ ወይ ክትሕሉዉ እንተደሊኹም ድማ ብዘይ ሰግኣትን ድሕነቱ ብዝተሓለወ ኣገባብ ክትራኸቡን ክትሕገዙን ትኽእሉ ኢኹም





## 2. ዝርዝር ሓበሬታኻ/ኺ ብኸመይ ብትኽክል ክምዝገብ ይኽእል?

እቲ ዝርዝር ሓበሬታኻ/ኺ ማለት፣ ሺምካ/ኪ፣ ሺም አቦኻ/ኺ፣ቦታን ዕለት ልደትን እዩ

ካብ አውሮፓ ወጻኢ ዝመጹ ሰባት ናብ ኤውሮፓ ኣብ ዝበጽሑሉ እዋን መንነቶም ክልለ ከም ዘለዎ ሕጊ ጥልያንን አውሮፓን ይእዝዝ። እዚ ግን ንቡር መሰርሕ እዩ ፣ኣይትፍራሕ/ሒ ።

- ፖሊስ ሺምካ/ኪ፣ ሺም አቦኻ/ኺ፣ ዕለት ልደት፣ ዜግት ክሓተካ/ኪ ከሎ፣ ብንጹር ተዛሪብካ/ኪ ኩሉ ብትኽክል ተጻሒፉ ምህላዉ ኣጸቢቕካ/ኪ ፈትሽ/ሺ
- መንነት ወረቀት እንተሃልዩካ/ኪ ንምርኣይ ኣይትፍራሕ/ሒ። ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ
- ምስ ዘመድ እንተሃሊኹም ኣብ መንጎኹም ዘሎ ናይ ዘመድ ርክብ ኣወጁ፣ ኣብርሁ
- ፖሊስ ምስ ዝርዝር ሓበሬታኻ/ኺ፣ ገጽካ/ኪ ክስእሉን ኣሰር ኣጻብዕትኻ (ዓሽራ) ክምዝጉቡን እዩም
- ውልቃዊ  ዝርዝር ሓበሬታኻ/ኺ፣  ብመንግስቲ ጥልያን ዝምዝገብን ንመጀመርታ መንገዲ ዕብየትካ ኣብ ኢጣልያ ጠቓሚ ክኸውንን እዩ
- ዕድመኻ/ኺ ትሕቲ 18 ዓመት እንተኾንካ/ኪ ኣብ ዝኾነት ሃገር ኤውሮጳ ኣህጉራዊ ሓለዋ (ፖለቲካዊ ዑቕባ) ክትሓትት መሰል ኣለካ/ኪ፣ ዋላ ፖሊስ ንመጀመርታ ግዜ ኢጣልያ ኣብ ዝኣተኻሉ እዋን ኣሰር ኣጻብዕትኻ (ዓሽራ) ይመዝግብ

## 3. ዕድመኻ/ኺ ብኸመይ ከተረጋግጽ/ጺ ትኽእል/ሊ?

- ኣብ እዋን ምዝገባ ዝርዝር ሓበሬታኻ/ኺ ጌጋ ተፈጺሙ እንተ ኣሎ ብቕልጡፍ ጌጋ ኣሎ ክትብል/ሊ መሰልካ/ኪ እዩ
- ብመሰረት ሕጊ ጥልያን ናይ ሓሶት ሰም፣ ሰም ኣቦሓጎ፣ ዕለት ልደትን ዜግነትን ምሃብ ገበን ምኳኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ናይ ሓሶት ሰነዳት (ዶኩመንቲ) ምርኣይ ገበንን ክሰን ከምጽ ዝኽእል እዩ
- ከም ዓቢ ሰብ (18 ዓመትን ልዕሊኡን) ተመዝጊብካ/ኪ እንተኾንካ/ኪ፣ እቲ ዝቐለለን ውሑስን መንገዲ ዕድመኻ ንምርግጋጽ፣ መንነት ናይ ዓድኻ/ኺ (ፓስፖርት፣ መንነት ወረቐት) ናብ መንግስታዊ ኣካላት ምቕራብ እዩ
- ንዓኻን ንስድራቤትካን ንሓደጋታት ዘየቃልዕ እንተመሲሉካ/ ኪ፣ዕድሜኻ/ኺ ዘረጋግጽ ሰነድ (ዶኩመንቲ) ንምርካብ ምስ ቆንሰላዊ በዓል መዚ ሃገርካ (ኤምባሲ) ክትራኸብ ክትሕገዝ ትኽእል ኢኻ/ኺ
- እቲ ህዝባዊ በዓል መዚ ሃገርካ (ኤምባሲ) ወይ እቲ መቐበሊ ኣጋይሽ (ካምፒ)፣ ውልቃዊ ዝርዝር ሓበሬታኻ/ኺ ምስ ሓተተ፣ ምስ ሰመዐ፣ ሰነድ (ዶኩመንቲ) ከተርኢ እንተዘይክኢልካ/ኪ፣ ትሕቲ ዕድመ ከም ዘይኮንካ እንተሓሲቦም፣ እንተዘይ ኣሚኖም ትሕቲ 18 ዓመት ከም ዝኾንካ//ኪ፣ ንዕድሜኻ ክግምገም ዝኽል ምርግጋጽ ክግበርን ክፍጸምን እዩ። ኣብዚ መሰርሕ እዚ ምስ ማሕበራዊ ሰራሕተኛ (ኣሺስተንተ ሶቺኣለ)፣ ሓኪም፣ ስነ-ኣእምሮኣዊ ክኢላ ሓኪም ክትራኸብ ትኽእል/ሊ። ኣብ ኩሉ ቃለ-መጠይቓትን ምብጻሕን ናይዚ ኣገባብ፣ ብባህላዊ-ቋንቋ መንጐኛን (ተርጓማይ)፣ ብሓላዊኻ/ኺ ሓላፍነትካ/ኪ ዝወሰድ ሰብ (ቱቶረ) ክትሕገዝ መሰል ኣሎካ/ኪ

## 4. ዓቢ ሰብ ምስ ኮንካ/ኪ ማለት 18 ዓመት ምስ መልእካ እንታይ ይጋጥም?

- 18 ዓመት ምስ መልእካ/ኪ ኣብ ኢጣልያ ብስሩዕን ብሕጋዉን መንገዲ ምንባር ክትቅጽል/ሊ ትኽእል/ሊ፣ ጉዕዞ ህይወትካ/ኪ ብውሑስ መንገዲ ክትቅጽል/ሊ ትኽእል/ሊ
- ቅድሚ 18 ዓመት ምምላእካ/ኪ፣ ኣብ ኢጣልያ ጉዕዞኻ ንምቕጻል እንታይ ክትገብር ከምዘለካ ምስ ሓላዊኻ/ኺ ሓላፍነትካ/ኪ ዝወሰድ ሰብ (ቱቶረ) ምስቶም ኣብ እትነብረሉ መቐበሊ ኣጋይሽ (ካምፒ) ዝሰርሑ ኦፕሬተራትን ምስኦም ክትዛረብን ክትሕበርን  ክትመያየጥን ትኽእል ኢኻ/ኺ
- ድሕሪ 18 ዓመት ዕድመ እንታይ ዓይነት ሰነድ (ዶኩመንቲ) ክህልወካ/ኪ ከም ዝኽእልን እንታይ ዓይነት ኣገባባት ኣሎ ክትከታተል/ሊ ኣለካ/ኪ
- ኣበይ ክትነብር ከም እትኽእል፣ ዓቢ ምስ ኮንካ (ልዕሊ 18 ዓመት) መሰርሕ ምትእትታው ብኸመይ ከም እትቕጽሎ ሓበሬታ ሕተት/ቲ፣ብዛዕባ ምምሕዳራዊ መቐጸልታ ሓበሬታ ሕተት ማለት ክሳብ 21 ዓመት ዕድመ ትምህርቲ ክትቅጽል ደገፍ ክትረክብን/ወይ ድማ ናይ ሰራሕ ስልጠና መንገዲ ርእሰ-ተኣማንነት ንምኳን ኢዩ

## 5. ሓደጋ እንተ ተሰሚዑካን እንተ ፈሪሕካን እንታይ ክትገብር ትኽእል/ሊ?

- ድሌትካን ፣ድሕነትካን ምክልኻል መሰረታዊ እዩ
- ሓገዝ ክትሓትት መሰልካ/ኪ እዩ፣ ፍርሕኻ/ኺ ከተረድእ/ኢ ፈትን/ኒ ክሰምዑኻ/ኺ ይኽእሉ እዮም
- ብዘይ ፍቓድ ኣብ መንጎ ሃገራት ኤውሮጳ ደባት ምሕላፍ ንህይወትካ/ኪ ኣዝዩ ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ ንብዙሕ ሓደጋታት ክትቃላዕ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ፣ ንኣብነት ግህሰት/ወይ ዓመጽ
- ቀሊልን ብዘይ ጸገም ክግበር ይከኣል እዩ ዝብለካ ሰብ ክትኣምኖ ተጠንቀቕ፣ ኣይትእመን
- ኣብ ጽርግያ ምንባር ኣብ ሓደጋ የእትወካ/ኪ፣ ድሌትካ/ኪ ክጥቀሙሉ፣ ንኽጎድኡካ/ኪ (ሕማቅ ክገብሩ) ዝደልዩ ሰባት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ/ኺ
- ተታሊልካ ናብ ኢጣልያ እንተድኣ መጺእኻ/ኺ፣ ብዘይ ድሌትካ/ኪ ከምኡውን ብዘይፍቓካ/ኪ ናብዚ ዓዲ እንተድኣ ኣምጺኦምኻ/ኺ፣ ንዓኻ/ኺ ወይ ንስድራቤትካ/ኪ እንተ ኣፈራሪሖምኻ ከምኡውን ሓደጋ እንተ ተሰሚዑካ/ኪ፣ዝኾነ ሰብ  ተቖጻጺሩካ/ኪ ወይ ብዘይ ድሌትካ/ኪ ገለ ነገር ክትገብር/ሪ እንተ ኣገዲዱካ/ኪ፣ ዝኾነ ሰብ ናብ ካልእ ናይ ኤውሮጳ ሃገር ክወስደካ/ኪ እንተደልዩ ንስኻ/ኺ ግን እንተዘይደሊኻ/ኺ፣ እንተፈራሕካ/ኪ ሓገዝ ክትሓትት/ቲ፣ ክትሕገዝን ክትሕሎን መሰልካ/ኪ እዩ
- ግህሰት ወይ ዓመጽ እንተ ኣጋጢሙካ/ኪ ወይ ድማ እንታይ ከም ዘጋጠመ ምሉእ ብምሉእ እንተዘይተረዲኡካ/ኪ ግን ስሚዒትካ እንተዘይፈቲኻዮ/ኺዮ ሓገዝ ክትሓትት፣ ክትሕገዝን ክትሕሎን መሰል ኣሎካ/ኪ
- ኣብ መቐበሊ ኣጋይሽ (ካምፒ) ትነብር እንተኾንካ/ኪ፣ ኣብቲ እትነብረሉ መቐበሊ ኣጋይሽ (ካምፒ) ዝሰርሑ ኦፕሬተራት ወይ ንሓላዊኻ/ኺ ሓላፍነትካ/ኪ ዝወሰድ ሰብ (ቱቶረ) ሓገዝ ሕተት/ቲ
- ኣብ ጽርግያ እንተሃሊኻ/ኺ ንፖሊስ ሓገዝ ሕተት/ቲ፣ ክሕግዙኻ/ኺ ይኽእሉ እዮም
- **ኣብ ጥርጣረ እንተሃልዩካ/ኪ  ናብ ሴቭ ዘ ቺልድረን (Save the Children) ደውል /ሊ**